"ኢሮብ" ዝብል ቃል "ኢዩሮፕ" ወይ ከዓ "ኤውሮጳ" ካብ ዝብል ዝመጸ ናይ ሓረግ-ወለዶ ገላጺ ቃል ከምዝኾነ ይገልፁ[19]።
- ገሊኦም ከዓ ሠመ በቦኡ መሠረቱ ኤውሮጳዊ ምኳኑ ምእንቲ ከፍለጥ ዝሠፈረሉ ኣከባቢ "ዓዲ ኢሮብ" ቢሉ ሰመዩ ይብሉ።
- ገሊኦም እውን "ኢሮብ" ዝብል ቃል መሠረቱ፡ ሠመን ኣኅዋቱን መጀመሪያ ካፍና ዝኣተዉሉ ጊዜ ኣብቱ ዓዲ ምስ ዝጸንሑዎም ሰባት መጀመሪያ እንክራኸቡ፡ "ኦሮባ" ካብ እተብሃልዎ፡ "ኢሮብ" ናብ ዝብል ቅጽል ድኅር ናይ ዓለቶም መፈለጥታ ስም ኮይኑ ዝተትኃዘ ከምኳኑ ገይሮም ይገልፁ። ብቋንቋ ሳሆ "ኦሮባ" ማለት፡ ከምቱ ሎሚ ብትግርኛ ጋሻ "ከመ'ዓላትኩም" እንክብል "ይእተዉ" ከምዝበሃል፡ ከማኡ ብቋንቋ ሳሆ ብኣኽብሮት ንጋሻካ እትምልሶ ቃል ኢዩ።

ብ፲፱፻፹፯ ዓ.ም. ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነብሩ ተወለድቲ ኢሮብ፡ "ሳሆ" ናይ ኢሮብ መጸውዒ ስም ከምዘይኮነ ንምግላፅ፡ "የኢሮብ ሕዝብ ስያሜ ኣይለወጥም ፡ 'ኢሮብ' የኢሮብ ሕዝብ ማንነት ማረጋገጫ ነው" ብዝብል ኣርእስቲ "ለብሔራዊ የምርጫ ቦርድ ጽ/ቤት፡ ኣዲስ ኣበባ"፡ ኣብ ዝጸሓፍዎ ጽሑፍ ተመልኪቱ ከምዝርከብ[20]፡ ፍልሰትን ሰደትን ሕዝብታት ዝነበረን ዘሎን ክቕጽል እውን ዝኾነ ነገር እንክኾን፡ ሰብ እንክፈልስ ከዓ ታሪኩን መንነቱን ኣርጊፉ ስለዘይኸይድ፡ እዙይ ኣብ ሕዝቢ ኢሮብ ዝተሓደሰ ክስተት ኣይኮነን። ሕዝቢ ኢሮብ ታሪክ መሠረት መንነቱን ታሪክ ፍልሰቱን እናዘከረን ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ እና'መሓላለፈን ዝርከብ ምኳኑ፡ ሓረጋዊ ወለዶ ብምቕጻር ሎሚ ኤውሮጳውነቱ ከረጋግጽ ወይ ኤውሮጳዊ ስም ክርስተ ቢሉ ከምዝሓስብ ገይሮም ዝግምቱ እንተ'ሊዮም እዙ ኣተሓሳስባኦም ብግዕሚ ጌጉይ ኢዩ። ሕዝቢ ኢሮብ ምስ ኵሎም ኢትዮጵያውያን ወገናቱ ኣብ ናይ ሓባር ህልውና ዝተኣሳሰረ እንክኾን፡ ታሪካዊ ቅርሱ ከዓ ቅርሲ ናይ'ዛ ዝፈትዋ ሃገሩ ታሪካዊ ቅርስታት ኣካል ምኳኑ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ሕብረተ ሰብ ኢዩ።

[19] Carlo Conti Rossini, Studi su Popolazioni dell'Etiopia, ገጽ.866, 876 ተጽሒፎም ዝርከቡ ባህልታት ርአ።
Corrado Zoli, Escursione nel Paese Degli Irob, Presso la R. Società Geografica Italiana, Roma, 1931, p.22 ርአ። ከማኡ'ውን ኣብ
ኣባ ጋስፓሪኒ፡ገ-ማ፡ የኢትዮጵያ ታሪክ ፡ ከረኸሙ ባጭሩ የተወጣጣ፡ ኣርቲግራፊካ ማ.ቤት፡ኣሥመራ 1945፡ ገጽ 81 ርአ።

[20] ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን፡ ሚያዝያ ፳፡ ፲፱፻፹፯ ዓ.ም.



## ጕዕዞ ደቂ ወረደምሕረት፤

ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልፀ፡ ደቂ ወረደምሕረት ጠቕላላ ሓሙሽተ ኢዮም፤ ክልተ፡ ምሥማርን ዓሚርን ኣብ ደሰኣ ዝወለዶም እንክኾኑ፤ ሠለስተ፡ ሰንበታይን ሠመን ሓነከን ወረደምሕረት ካብ ደሰኣ ክልተ ኣውላዕሎ ናብ ዓጋመ ምስ መጸ፡ ኣብ ዓጋመ ካብ ቡልድም ዃል ሓሪዛይ ዝተወልዱ ኢዮም።[21]

ሠመ ናብ'ዙ ሎሚ ዓዲ ኢሮብ ተብሂሉ ናብ ዝጽዋዕ ቦታ ዝመጸሉ ምክንያት ሎሚ ብርግጽ እዙይ'ዩ ነይሩ ኢልካ ክውሰን'ኳ እንተዘይተኻእለ፡ ብዘይምኽንያት ነይሩ ክበሃል ኣጸጋሚ ኢዩ። ሠመን ኣኅዋቱን ካብ ዓጋመ ብቐልዓት ገይሮም ናብ ጕቦ፡ ቢሓት ከምዝኸዱ ይንገር። ኵሉ በረኻ ኢዩ ዝነበረ'ምበር ከም ሎሚ ዱር ተወዲኡ ዓድታት ከዓ በዚኁ ኣይነበረን። ጕቦ ኣብ ዝበሃል ዓዲ፤ ሻሚን ምካዳን ዝበሃሉ ዓሌት ይቕመጥሉ ብምንባሮም፡ ሓነከ ምንኣስ ኩሎም ስለዝነበረ ከፍቱ ኣውፊሩ ማይ ከስቲ ናብ ትሕቲ ቢሓት ኣብ ሩባ እንክወርድ የሸግርዎን ይወቕዕዎን ነበሩ። ሓደ መዓልቲ እንክወቕዕዎ እንከለዉ ናይ በዓል ሠመ ጓል-ቤት (ኣገልጋሊት) ርእያ፤ "ሠመ ዘያኡ ሓነከዶ ይውቃዕ?" ቢላ ነኅዋቱ ነገረት። ሠመ ዋልታን ጦርን ኂዙ ምስ ከፍቲ ባዕሉ ወሪዱ ንሓነከ ከም ልማዶም ምስ ወቕዕዎ ንቱ ወቓዓይ ብጦር ወጊኡ ቀተሎ። ካብኡ ምስ ከፍቱ ናብ ምሣርሒ ተመልሰ። ዓሌት ምካዳ ተኣኪቦም ክቕትልዎም ኣብ ውዕሎ ምውሳኖም ብሓባሊ ምስ ፈለጡ፡ ሠለስቲኦም ኣኅዋት ብሚላ ካብቱ ዓዲ ክልግሱ ወሰኑ። ኣለዉ ምእንቲ ክበሃል ኣብ ኦም ኣርሓ ኣሲሮም፡ ኵሩናይ ደርሆ ምእንቲ ክንቆ፡ ኣድጊ ሁሁ ክብል፡ ሓደ ከልቢ'ውን ምእንቲ ክነብሕ፡ ሓንቲ እትጥሕን ኣገልጋሊት ኣብ ገዛ ገዲፎም፡ ዝጠሓንኪዮ ኣብ ኣድጊ ጽዒንኪ ሰዓብና ኢሎም፡ ምስ ንብረቶም ነቕሉ። ወዮም ሰብ ዝንቁ ኣርሓ፡ ሁሁ ዝብል ኣድጊ፡ ዝንቁ ደርሆ፡ ዝነብሕ ከልቢ፡ እትጥሕን ጓል-ቤት ምስ ሰምዑ ሰብ ኣሎ ቢሎም ጸንሑ። በዓል ሠመ ንታ ኣገልጋሊት፡ ደርሆ ነቆ ነርሓ ፈቲሕኪ ንሱ ከፍቲ ብዝሓለፉኦ መንገዲ እናሜነው ከመርሖኪ ኢዩ'ሞ ክልብን

[21] ኮንቲ ሮሲኒ፡ "ኣል ራጋሊ" ኣብ ዝብል ጽሑፉ፡ ደቂ ወረደምሕረት 1)ሰንበታይ 2)ሠመ 3)ሓነከ 4)ኣበኔር? 5)ሙሴ?! ምስ በለ፡ ኣበኔር - ላምዛ? ሙሴ - ተሮዓ?! ኢሉ ምስ ናይ ሕቶ ምልክት ጽሒፉ ይርከብ። C.Rossini, Al Rágali, ገጽ 60 ረአ። እዙይ ተኸታቲሎም ክጽንዕዎ ንዝደልዩ መሐበርታ ንክኾኖም እምበር፡ ኣብ ካልእ ጽሑፍ ወይ ኣፈታሪክ መረጋገጺ ኣይረኸብኩሉን።